

# ውዕል ትምህርቲ ልምዲ

ተዓዊትኩም- እቲ ትካል ንዓኹም ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ከምዝረኸብኩም ብቓል ንጊሩኩም። ዝቅጽል ስጉምቲ እቶም ሓለፍቲ ትካል ነቲ ውዕል ትምህርቲ ልምዲ መሊኦም ክሰዱልኩም እዮም። ነቲ እቶም ሓለፍቲ ዝፈረሙሉ ውዕል ትምህርቲ ልምዲ እስኹም እውን ክትፍርሙሉ ኣለኩም። ድሕሪኡ እቲ ውዕል ክጸንዕ እዩ።

ኣብቲ ውዕል ብዙሕ ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ኣለዎ፣ ናይ እቲ ትካል ትምህርቲ ልምዲ ኣድራሻ፣ ናትኩም መንነት፣ ናይቲ ሙያ መጸውዒ፣ ኣቲ ትምህርቲ ልምዲ ዝወስዶ እዋን፣ እዋን ጊዜ ተልመዴንነት ወይ ድማ እቲ እስኹም ትሳተፍዎ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ።


ኣብኡ ግን እስኹም ኣነጺርኩም ክትርእይዎ ዘለኩም ሓደ ሓደ ዝርዝራት ኣሎ፡

## ናይ ስራሕ ፍቓድ

ፍሉያት ንዝኾና ናይ መንበሪ ፍቓድ（ንምሳለ F, L, N）ትምህርቲ ልምዲ ሙያ ንምምሃር እውን ናይ ስራሕ ፍቓድ የድልየን እዩ። እዚ ፍቓድ ነቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ቅድሚ ምጅማር ክቐርብ ኣለዎ።

## ሕጋዊ ወኪል

ዕድሜኹም ድሮ 18 ዓመት ዝመልኤ ኣንተኾይኑ በዚ ምኽንያት ድማ ሙሉእ ዕድመ እንተኳንኩም፣ ሕጋዊ ወኪል ኣየድልየኩምን እዩ። ከም መጠን ዓቢ ሰብ ነቲ ውዕል ትምህርቲ ልምዲ ባዕልኹም ትፍርሙ ከምኡውን ነቲ ሓላፍነት ትቅበሉ።



3. Gesetzliche Vertretung (Vater und/oder Mutter oder Vormundschaftsbehörde)

| | | | |
|---|---|---|---|
| Name | | Vorname | |
| Strasse | | Geschlecht: ☐ m ☐ f | |
| PLZ/Ort | | Tel.-Nr. | |
| Name | | Vorname | |
| Strasse | | Geschlecht: ☐ m ☐ f | |
| PLZ/Ort | | Tel.-Nr. | |

## ዝኽፈል ገንዘብ


እቲ እስኹም ኣብተን ነፍሲ ወከፍ ዓመታ ትኣብ ወርሒ ዝኽፈል ትረኽብዎ ገንዘብ፣ ኣብ ውሽጢ ትካል ወይ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ካብ ግቡእ ንላዕሊ ብዙሕ እንተ ሰሪሕኩም፣ ተወሳኺ ኣበል ዝኽፈል እንተኾነ፣ እቲ ትካል ንዓኹም ናይ መበል 13 ወርሒ መሃያ ዝህበኩም እንተኾነ፣ ኣብዚ ሊስታ ተዘርዚሩ ሰፊሩ ኣሎ።


7. Entschädigung
Bruttolohn
1. Bildungsjahr Fr. pro Monat Woche Stunde
2. Bildungsjahr Fr. pro Monat Woche Stunde
3. Bildungsjahr Fr. pro Monat Woche Stunde
4. Bildungsjahr Fr. pro Monat Woche Stunde
Zulagen
13. Monatslohn: ja nein
(Abzüge vom Bruttolohn ausser den gesetzlichen Sozialabzügen siehe Ziffern 11 und 12)

ኦድሜኹም ካብ 18 ዓመት ንላዕሊ እንተኾይኑ፣ ካብቲ ኣብዚ ተዘርዚሩ ዘሎ እቶት መሃያ ነዘን ዝቅጽላ ክኽፈል እዩ AHV (ናይ ጥሮታን ውርሻን ኢንሹራንስ)፣ IV (ጥሮታ ስንክልና) ከምኡውን ALV (ኢንሹራንስ ስራሕ ኣልቦነት)።


## ሰዓት ስራሕ

እቲ ዝለዓለ ማእከላይ ግቡእ እዋን ስራሕ ኣብ ስዊዘርላንድ ኣብ ሰሙን 42-45 ሰዓታት እዩ። ኣብ ሓደ ሓደ መዳያት እዚ እዋን ስራሕ ካብኡ ፍልይ ክብል ይኽእል እዩ። እቲ ኣብ ናትኩም ዘሎ እዋን ስራሕ ከመይ ከም ዝኾነ፣ ኣብቲ ዝቅጽል ጊዜ እስኹም ትማህሩሉ ትካል ንዘለዉ ሓለፍቲ ሕተቱ።


8. Arbeitszeit
Einschliesslich der schulischen Bildung beträgt die Arbeitszeit
Stunden pro Woche: Arbeitstage pro Woche:
Ein Schultag bzw. -halbtag ist einem Arbeitstag bzw. -halbtag gleichzusetzen.
Bezüglich Tages-Höchstarbeitszeit, Nacht- und Sonntagsarbeit sowie allfälliger Überzeit sind die gesetzlichen Vorschriften zu beachten, insbesondere das Arbeitsgesetz mit den dazugehörenden Verordnungen.
Besondere Regelung


## ንሙያ ኣድላይ ዝኾነ ነገር ምሽማት

ንብዙሓት ሙያታት ናይ ስራሕ ክዳውንቲን ውልቃዊ ዝኾነ መሳርሒ ኣቕሑትን የድሊ እዩ። ኣብቲ ውዕል ትምህርቲ ልምዲ ነዚ ነገራት መን ከም ዝገዝኦን ዝከናኽኖን ሰፊሩ ኣሎ።


10. Berufsnotwendige Beschaffungen
Die lernende Person benötigt die folgenden persönlichen Werkzeuge, Berufskleider usw.
Die Beschaffungskosten übernimmt Lehrbetrieb Lernende Person/gesetzliche Vertretung
Die Reinigung der Berufskleider übernimmt Lehrbetrieb Lernende Person/gesetzliche Vertretung

## ኢንሹራንስ

መንእሰያት ብስድርኦም ናይ ሓደጋ ኢንሹራንስ ኣለዎም፣ መብዛሕትኡ እዋን ሓደ ናይ እቲ ጥዕና ኢንሹራንስ ክፍሊ እዩ። ኣብቲ እዋን መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ከምብሓድሽ በቲ ትካል ወገን ኣብ እዋን ስራሕ ናይ ሓደጋ ኢንሹራንስ ኣለኩም። እቲ ትካል ትምህርቲ ልምዲ ንእዋን ዕረፍቲ ዝኸውን ኢንሹራንስ ሓደጋ ይኣትወልኩም እዩ። እዚ ኢንሹራንስ ናይ ግድን ክህሉ ዘለዎ እዩ መብዛሕትኡ እዋናት እውን ካብ እቲ ትረኽብዎ መሃያ ይቖረጽ እዩ። ነቲ ናይ ጥዕና ኢንሹራንስኹም ከም መጠን ሰራሕተኛ ሓዱሽ ናይ ሓደጋ ኢንሹራንስ ከም ዘለኩም ሓብሩ።


11. Versicherungen
Unfallversicherung
Die lernende Person ist gemäss Unfallversicherung (UVG) obligatorisch versichert.
Die Prämien für die Berufsunfallversicherung übernimmt der Lehrbetrieb.
Die Prämien für die Nichtberufsunfallversicherung übernimmt % Lehrbetrieb % Lernende Person/gesetzliche Vertretung
Krankentaggeldversicherung vereinbart ja nein
Wenn ja: Die Prämien übernimmt % Lehrbetrieb % Lernende Person/gesetzliche Vertretung
(Der Betrieb muss mindestens 50% der Prämien übernehmen.)

s

## ምርካብ ፍቓድ

እዚ ውዕል ትምህርቲ ልምዲ በቲ ናይ ካንቶንኩም ቤት ጽሕፈት ትምህርቲ ፍቓድ ይረክብ እዩ። እቲ ኣብኡ ዝፍርም ውልቀሰብ ንሙያኹም ከምኡውን ነቲ ቦታ ትምህርቲ ልምድኹም ሓላፊ እዩ። ኣብቲ እዋን መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያኹም ምስ እቲ ትምህርቲ ልምዲ ትገብሩሉ ትካል ወይ ድማ ምስ እቲ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ክትፈትሕዎ ዘይትኽእሉ ሽግር እንተጋጠመ፣ ምስ እዚ ዝፍርም ውልቀሰብ ተራኸቡ።


15. Genehmigung
Die kantonale Behörde genehmigt diesen Lehrvertrag.
Ort, Datum, Stempel